**ሓጺር ታሪኽ-ሕይወት ነፍሰ-ኄር ክቡር ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሣይ**

## "እቶም ንብዙኃት ናብ ጽድቂ ዝመርሑ፡ ከም ከዋኽብቲ ንዘለዓለም ዓለም ኪበርሁ ኢዮም" (ዳን.12፡3)

ነፍሰ-ኄር ክቡር ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሣይ፡ እንካብ ኣቦኦም ኣይተ ካሕሣይ ሓሊቦን እንካብ እኖኦም ወ/ሮ ሳህሉ ካሕሣይን ብ19 መጋቢት 1933 ዓ.ም. ኣብ ጣቢያ "ዓገረለ-ኾማ" ፍሉይ ስሙ "ሓሎ" ኣብ ዝበሃል ቦታ ተወልዱ:: ዕድመኦም ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ:-

ካብ 1952 - 1953 ዓ.ም. መሰረታዊ ትምህርቲ ኣብ ኣዎ፡ ኣብ ቅዱስ ሚካኤል ቁምስና ተኸታተሉ::

ካብ 1954 - 1956 ዓ.ም. ኣብ ልደታ ማርያም ዓሊተና ካብ ካልኣይ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ ተኸታተሉ::

ካብ 1957 – 1958 ዓ.ም. ኣብ ጽንሰታ ለማርያም ንኡስ ዘርኣ ክህነት ሓሙሻይን ሻድሻይን ክፍሊ ተኸታተሉ::

ካብ 1959 - 1962 ዓ.ም.  ካልኣይ ብርኪ ኣብ ጽንሰታ ለማርያም ንኡስ ዘርኣ ክህነት ዛዘሙ

ካብ 1963 - 1965 ዓ.ም.  ኣብ ዓቢይ መንፈሳዊ ዘርኣ ክህነት ናይ 3 ዓመት ፍልስፍና ተምሃሩ

ካብ 1967 – 1968 ዓ.ም. ኣብ ሩባጭዓ ጣብያ ዓገረለኮማ ምስ ሓደ ብጻዮም ብኣሕሉኽ ኣብ እተመደብሉ ሕዝባውን መንፈሳውን ኣገልግሎት ሃቡ

ካብ 1969  - 1972 ዓ.ም ኣብ ዓቢይ መንፈሳዊ ዘርኣ ክህነት  ናይ ኣርባዕተ ዓመት ትምህርተ መለኮት ምስ ፈፀሙ፤

ብ12 ሚያዝያ 1972 ዓ.ም. ምስ ሽድሽተ ብፃቶም ብኢድ ብጹዕ ኣቡነ ስብሓት ለኣብ  ወርቁ ኣብ ካቴድራል መድኃኔ ዓለም ዓዲግራት መዓርገ ክህነት ተቐበሉ::

ካብ 1973 – 1975 ዓ.ም. ኣብ ልደታ ለማርያም መለስተኛ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ርእሰ መምህር ብምኳን ኣገልገሉ::

ካብ 1976- 1979 ዓ.ም. ኣብ ዓዲግራት ጽንሰታ መለስተኛ ካልኣይ ብርኪ ርእሰ መምህር ኮይኖም ኣገልገሉ

ኣብ መፋርቕ 1979 ዓ.ም. ንሓጺር መንፈሳዊ ስልጠና ናብ ኣየርላንድ ከይዶም::

ካብ 1980-መስከረም1983 ዓ.ም. ኣብ ቤት ትምህርቲ ብጹዕ ኣባ ገብረሚካኤል መቐለ ርእሰ መምህር ኮይኖም ኣገልገሉ::

ካብ ጥቅምቲ 1983 - 1985 ዓ.ም. ንላዕዋይ ትምህርቲ ኣብ ሮማ ዝጸንሑ እንተ ኾኑ ኣብ ቅዱስ ቶማስ ጳጳሳዊ ዩኒቨርሲቲ ብናይ ፓስቶራል (ጕስነት ነፍሳት) ትምህርቲ ስነ-መለኮት ማስተርስ ዲግሪ ዝሓዙ ነይሮም::

ካብ 1986 – 1991 ዓ.ም. ንካልኣይ ጊዜ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብፁዕ ኣባ ገብረሚካኤል መቐለ ርእሰ መምህር ኮይኖም ኣገልገሉ::

ካብ 1991 -1994 ዓ.ም. ኣብ ካቶሊክ ቤት ጽሕፈት ሰበኻ ዓዲግራት ቅርንጫፍ መቐለ ኣተሓባባሪ ቤት ጽሕፈት ኮይኖም ሠርሑ::

ካብ 1995 -1999 ዓ.ም. ናብ ዓዲግራት ተመሊሶም፡ ኣብ ካቶሊክ ቤት ጽሕፈት ሰበኻ ዓዲግራት ናይ ሥራሕ ክፍሊ ሓላፊ፡ ከምኡ ከዓ ኣብ ዓቢይ ዘርኣ ክህነት ኣበ ነፍስ ኮይኖም ኣገልገሉ::

ካብ 1999 ክሳብ ሀዚ ብኣምላኽ ዝተጸዉዕሉ 26 ለካቲት 2006 ዓ.ም.፡ ኣብ ዓቢይ ዘርኣ ክህነት መምህር ናይ ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርትታት ስነ መለኮትን ኣበ ነፍስን፡ ምሳኡ ከዓ ኣብ ጽንሰታ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ መምህር ትምህርቲ ስነ-ምግባር ብምኻን እናኣገልገሉ ጸኒሖም እዮም::

ነፍሰ-ኄር ክቡር ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሣይ፡ ብደረጃ ሰበኻ፡ ኣባል ኮሚቴ ኣማኸርቲ ጳጳስ ሰበኻ፡ ኣባል ቤት ምኽሪ-ካህናት ሰበኻ-ዓዲግራት፡ መራሒ ሰበኻዊ ኮሚቴ ትምህርተ ክርስቶስ ኰይኖም ዝሠርሑን፤ ኣብ ሰበኻና ንመንፈሳውን ሓዋርያውን ሥራሕ ሕይወት-ክርስቲያን፡ ከምኡ'ውን፡ ምስ ብጹዕ ኣባታቸን ጳ ጳሶም እናተማኸሩ፡ ንትምህርቲ ኩለመዳያዊ ህንፀተ-ሰብእ መጋበሪ ኰይኖም ዘገልግሉ ሓሙሽተ መጻሕፍቲ ከምዝሕተሙ ዝገበሩ እንኪኾኑ፡ ፍፁም ናይ ነፍሳት ፍቕሪ ዝነበሮምን ካብ መንበረ-ኑዛዜ ዘይፍለዩ፡ ኣበ-ነፍስ ናይ ዝተፈላለያ መንፈሳዊያን መሓብር'ውን ዝነበሩ ነይሮም::

ነፍሰ-ኄር ክቡር ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሣይ ድሕሪ ናይ ሽድሽተ መዓልቲ ሕማም ብ26 ለካቲት 2006 ዓም ኣብ ረፈራል ሆስፒታል ዓይደር ኣብ 34 ዓመት ክህነቶም ኣብ መበል 73 ዓመት ዕድመኦም ዓረፉ:: ሎሚ ብ28 ለካቲት 2006 ዓ.ም. ኣብ መካነ-መቃብር ቁምስና መድኃኔ ዓለም ዓዲግራት ሓመድ ኣዳም ለበሱ::

ቅዱስ ዳዊት "ዝክሪ ፃድቕ ንዘለዓለም ይነብር" ከም ዝብሎ ነፍሰ-ኄር ክቡር ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሣይ፥ ብጽቡቕ ሥራሖም፤ ብተወፋይነቶም፥ ብመንፈሳውነቶምን ርኅራኄኦምን እናተዘከሩ ክነብሩ እዮም::

ንዙ ብቑዕን ውፉይን ካህን ንዝሰኣነት ቤተ ክርስትያንና፥ ከምኡ'ውን ንቤተ ሰቦምን ንመፍቀርቶምን ጽንዓት እናተመነና፥ እግዚኣብሔር ንነፍሶም ክምሕረልናን ኣብ ዘለዓለማዊ መንግሥቱ ምስ ኵሎም ቅዱሳኑ ከንብረልናን ንጽሊ::

ካቶሊክ ቤተ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ዓዲግራት

28. 06. 2006 ዓ.ም.